# ሓበሬታ ብዛዕባ ግዜ ትጽቢታት ንዑቑባ ዝሓተቱ ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦምን ኣብ ኖርወይ ወለዲ ዘይብሎም ቈልዑን

## ብኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ቃለመሕተት ዝካየደሉን መልሲ ዝወሃቦን መንዩ፧

## ሶርያ

ክሳብ ዝኾነ ዝኾውን ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ሕቶ ንጉዳያት ዑቑባነት ዜጋታት ሶርያውያን ዜጋ ኣልቦ ዝኾኑ ሶርያውያንን ከይተራእዩን ከይተወሰኑን ክጸንሑ ኢዮም። ሓያሎ ሃገራት ኤውሮጳ ተመሳሳሊ ውሳኔ ኣሕሊፈን ኣለዋ።

ኩነታት ሶርያ ጌና ኣይነጸርን ኢዩ ኣሎ፡ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDIን ግና ነቲ ኩነታት ብጥብቂ ይከታተሎ ኣሎ። እቶም ጉዳያት ዳጋም ክንርእዮምን ክንውስኖምን ግዚኦም ምስ ኣኸለ ተወሳኺ ሓበሬታ ሒዝና ክንምለሰኩም ኢና።

ኩሎም እቶም ዑቕባ ዝሓተቱ መልሲ ጉዳዮም ክወሃቦም ኢዩ።

እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ብጀካ ንሶርያ ንኩለን ካልኦት ሃገራት ዝምልከቱ ሓበሬታታት ይኾኑ፡

## ክሳብ ወርሒ ሰነ ዘሎ እዋን ኣብዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ኢና ክንጸምድ፡

- ነቶም ኣብ ዓመተ 2024 ቃለመሕተት ዘካየድናሎምን መልሲ ጉዳዮም ጌና ዘይሃብናዮምን ዘለና፡ ጉዳዮም ንምርኣይን መልሲ ንምሃብን ክንቅጽሎ ኢና።
- ማዐረ-ማዕሪኡ ድማ በይኖም ንዝመጹ ሓተቲ ዑቑባ ትሕተዕድመ ቃለመሕተት ከነካይደሎም ኢና። ጉዳዮም ጉዳይ ደብሊን ምስ ዝኾውን ግና ምናልባት ንቃለመሐተት ተዳልዩ ክሳብ ዝቐርብ ሓያሎ ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል ይኾውን'ዩ።
- ድሕሪ ቃለመሕተት ምክያድና ተወሳኺ ምጽርራያት ንከነካይድ እንተዘየድልዩና፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ውሳኔ ከነሕልፍ ኢና።

## ስለምንታይ ኢዮም ገሊኦም መልሲ ጉዳዮም ቅድመይ ዝወሃቦም፧

ኣብ መልሲ ምሃብ ነቶም ዝነውሐ ዝተጸበዩ ኢና ብቐዳምነት ንሰርዖም። ናይ ገሊኦም ጉዳያት ግና፡ ካብ ናይ ካልኦት ጉዳያት ቃለመሕተት ንከነካይደሎምን ጉዳዮም ርኢና መልሲ ንክንህቦምን ዝያዳ ግዜ ዝወስደልና ኣሎ። ካብ ናይ ካልኦት ንላዕሊ ንውሕ ዝበለ ወላ ተጸበ ድኣ'ምበር፡ ጉዳይካ ተረሲዑ ኣሎ ማለት ኣይኰነን። ሓደ ጉዳይ ንክረኣን ክውሰንን ግዜ ክወስደሉ ዝኽእል ምኽንያታት ከም'ዞም ዝስዕቡ ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም፡

- እንተድኣ ድሕሪ ቃለመሕተት ምክያድካ ንጉዳይካ ዝያዳ ከነጻርዮ ኣድሊዩና፡ ኣጻሪና ወዲና ክሳብ መልሲ ንህበካ ግዜ ክበልዓልና ይኽእል ኢዩ።
- እንተድኣ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ጉዳይካ ብካልእ ሃገረ-ደብሊን ክረኣን ክውሰንን ኣለዎ ክብል ገምጊምዎ፡ ግዜ ክወስድ ይኽእል ኢዩ። ምናልባሽ ቃለመሕተት ንከተካይድ ካብ ናይ ካልኦት ንላዕሊ ንውሕ ዝበለ ክትጽበ ትግደድ ትኾውን ኢኻ።

Utlendingsdirektoratet
Norwegian Directorate
of Immigration

ቃለመሕተት ዘየካየድካሉ ወይ እውን መልሲ ዘይተዋሃብካሉ ካልእ ምኽንያታት ኰይኑ፡ ግዜ ዝወሰደሉ ምኽንያት እንታይ ከም ምዃኑ ብዝብል ንጠበቓኻ ንሕብሮ ኢና።

ነዊሕ ክትጽበ ከቢድ ከም ምዃኑ ዘይርድኣና ኣይኰነን፡ ኵሎም እንርእዮም ጉዳያት ሕቶ ዑቕባነት፡ ዓቕምና ብዘፍቅዶ ኣብ ዝቐልጠፈ ንምስላጥ ኣበርቲዕና ኢና ንጽዕር።

ጉዳይየ መዓስ ኢዩ ዝውዳእ ኢልካ ንክትሓትት ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ምውካስ ኣየድልየካን ኢዩ። መልሲ ጉዳይካ ንጠበቓኻ ኢና ንሰዶ።

ግጼ ትጽቢት ንምሕጻር ብወገነይ ክገብሮ ዘድልየኒ እንታይ'ሎ፧

ዘለካ ሰነዳት መንነት ኣብ ዝቐልጠፈ ከም ዝበጽሓና ብዕቱብ ጽዓር

ንፖሊስ ዘየረከብካዮም ሰነዳት እንተድኣ ኣለካ ኰይኑ፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ግድን ከተረክቦ ኣለካ። ሰነዳትካ ንምርካብ ንወኪልካ ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

- ዝርከቡ መበቈላውያን ሰነዳት መንነት እንተሃልዮምኻ፡ ንፖሊስ ዞባ ከባቢኻ ኢኻ ከተረክቦም ዘለካ። ነቶም ዘለውኻ ሰነዳት ንምርካብ ንወኪልካ ሓገዝ ምሕታት ይከኣል ኢዩ።
- ቅድሓትን ስእልታትን እንተሃልዩካ ናብቲ እተካይዶ ቃለመሕተት ክትማልኦ ትኽእል ኢኻ፡ ወይ እውን ብፖስጣ ናብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ክትሰዶም ትኽእል ኢኻ፡ Utlendingsdirektoratet (UDI), Postboks 2098 Vika, 0125 Oslo። እትሰደልና ሰነዳትካ ብቊጽሪ-DUFካ ኣመልክተሎም። ነዚ ንምስላጥ ወኪልካ ክሕግዘካ ይኽእል ኢዩ።

## ሕደሳ ሓበሬታታት

እዞም ብዛዕባ ግዜ ትጽቢታት ዝምልከቱ ሓበሬታታት ካብ ዕለት 1 ሚያዝያ 2025 ዝምልከቱ'ዮም።

እዚ ሓበሬታ እዚ ንዕለት 1 ሰነ 2025 ክሕደስ ኢዩ፡ ወይ እውን ኣብ መንጎ ዓበይቲ ለውጥታት ምስ ዝህሉው ኣቐዲሙ ክሕደስ'ዩ።